# መንግስትን ህዝብን፣ ኣብ ሓደ ስጉምን ኣካይዳን!

መን ኣሎ ከምዚ ናትና ዝገብር፣ መን ኣሎ ካብ’ዞም ብየማነ- ጸጋምና ዘልዉ ወከልቲ ኤምባሲታት፣ ምስ ህዝቦም ብዛዕባ፣ ሓፈሻዊ ኣካይዳን፣ ቁጠባዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ጥዕና ሃገሮም፣ ኣብ ሓደ ክፉትን ግሉጽን መኣዲ ዘተ ተዓዳዲሞም፣ እሂን-ሚህን ዘበሃህል ኤምባሲ? ንሓባራዊ ዕብየትን ብልጽግናን መደባት መንግስቲ ህዝቢ ክፍትሾ፣ ምኽሮም ክምጥዉ፣ ሓሳባት ክፍስስ፣ ጉልቦቱን ንዋቱን ኣዋፊሩ፣ ዜጋታቱ ተጠቀምቲ ረብሓታትን ክኾኑሉ፣ ከዋስእ ኢሉ ዝህቅን፣ መንግስትን መንግስታዊ ኣካላትን፣ መን ኣሎ?








እዚ ሕቶ’ዚ ንኤርትራውያን፣ ዘተሃራርፍ፣ ሕቶ ወይ መልሲ ክኸውን ከምዘይክእል ርዱእ’ዩ። ነዚ ርዱእ ኣካይዳ መበገሲ ብምግባር፣ ኣብ’ዚ ናትና መንግስቲ ነዚ ክቡር ባህሊ’ዚ ካብ መድርኽ ናብ መድርኽ እናተኾልዐ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናደንፍዐ ክመጽእ ምጽንሑ፣ ኩሎም ኣካላቱ፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፣ በዚ መንፈስ’ዚ ተመሪሖም ተልእኾኦም ክፍጽሙ ምጽንሖም፣ ኣብ’ዚ ከባቢና ዘሎ ወከል ኤምባሲና እውን ብተመሳሳሊ ክኽተሎ ዝጸንሐ ኣተሓሕዛ፣ እዚ ብ24 የካቲት 2013፣ ህልዊ ኩነታት ሃገር ብሓፈሻ፣ ነዚ እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ተነጺፉ ዘሎ ደርማስ ቁጠባዊ መቐይሮ ዘረጋግጽ መኣዲ ወፍሪን፣ ነዚ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ተፈጺሙ ዝብሃል ፍጻሜ 21 ጥሪን፣ ኣመልኪቱ ምስ ህዝቢ ሰፊሕ መኣዲ ዘተ ዓዲሙ።

ብተወሳኺ ምስ’ዚ ብምትእስሳር፣ ኣብ መንጎ ህዝብን ወኪል መንግስትን ዘሎ ዝምድናታት ዝውስን ኣተሓሕዛ ኣገልግሎትን መሰልን ግቡኣትን፣ ከመይ ክኸውን ከም ዘለዎ ዘነጽርን ዝሕግዝን፣ ዳህሳሳዊ ምይይጥ እውን ጎድኒ-ንጎድኑ ከም ዝኸይድ ተጌሩ።

እቲ መንፈስን መበግስን ናይ’ዚ ሰሚናር’ዚ፣ እቲ ዓዳሚ ገላጺን ንዝቐርቡ ሕቶታት ድማ ወሃብ መልሲን፣ እቲ ተሳታፊ ህዝቢ ድማ፣ ሰማዒን ሓታትን ጥራይ ከምዘይኮነ፣ ኣቐዲሙ ዝፍለጥ ዉሁብን ልምድናን ወግዕታትናን ኮይኑ፣ ኣብ’ዚ ዕለት’ዚ ፣ ነቲ ተራሕዩ ዘሎ ኣፍ-ደገ ዕብየት፣ ድሕሪ ነዊሕን ሓያልን፣ ዓቃል ዘይሕለል ጻዕሪ እተብጽሐ፣ ብውሽጥን ወጻእን፣ ህዝብን መንግስትን፣ ኣብ’ዚ ከባቢ ዝነብር ህዝብና፣ ኣካል ናይ’ዚ ትእምርቲ’ዚ ከም ምኧኑ መጠን፣ ኣብ’ቲ ንገስጋሳትና ንምኹላፍ እተኻየደ ርብርብ፣ ብንቅሓት ኣትኪሉ ዝመከተ ህዝቢ፣ ዋና ናይ’ዚ ለውጢ እውን’ዩ። ኣብ’ዚ

ተነጺፉ ዘሎ ዕድላት እውን፣ መሰሉ ክፈልጥ፣ ንመጻኢ ተሪፉ ዘሎ ሓባራዊ ምቅሊት ስራሕ ንኽወስድ፣ ነዚ እዋናዊ ዳህሳስ ዘላሊ ህዝባዊ ሰሚናር ክግበረሉ፣ መድርኽ ዝጠልቦ ግቡእን'ዩ ኔሩ። ከም'ቲ ካልኦት ዝገብርዎ፣ ንጸጋታት ሃገር ኣሕሊፉካ ንጓኖት ቅድሚ ምሃብ፣ ሕድሪ ዘኽብር፣ ዘይንቕንቕ መትከል ዝሕላገቱ መንግስቲ ስለ ዘሎና።



እብ'ቲ መኣዲ ዘተ፣ ብወገን እቶም ሰሚናር ዘአንገዱ ኣባላት ኤምባሲና፣ ሓደ ነቲ ተነጺፉ ዘሎ ህልዊ ዕድላት ወፍሪ ዝድህስስ መግለጺን፣ ከምኡ'ውን ነቲ ዝተራእየ ንጹል ፍጻመ፣ መንግስቲ ዝወሰዶ ዉሕሉል ብሱል ኣታኣላልያ፣ ብኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ክቐርብ ከሎ፣ እቲ ካላኣይ መዛተዪ ዛዕባ ድማ፣ ኤምባሲና ነዚ ኣብ'ዚ ከባቢ ዝነብር ህዝብና፣ ዝህቦ ኣገልግሎታት ዝምልከት፣ ብኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ሳዓድ፣ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤምባሲ፣ ኣብ ትሕቲ ዘገድሱ ኣርእስትታት ዘተኮረ እዩ ተሰላሲሉ።

ኣተክሮ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፣ እዚ ሰሚናር እዚ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፣ ክሳብ ክንዲ'ዚ ብዝሕን ፍናንን ዝመልአ ህዝቢ ተሳትፍኡ ከዕዝዝ ምርኣይ ምስጢሩን ብልሓቱን ዘይርድኦም፣ ዝሕርብቶም ገና ከም ዘለዉ፣ እቲ ሃልሃልታ ሓቂ ርቀቱ ዘይተጋህድሎም ኣካላት፣ ቅድሚ ምጅማሩ ሕማቕ ሕልሚ ዝሓለሙ እውን ኣይተሳእኑን። ምስ'ዚ ዝቐነየ ናይ ጭንቀትን ጫውጫውታን፣ እንተታት ዘተንብሁ እውን ሕሹኽታ ሰሚዕና፣ እንተላይ እቶም ብድሕሪ መጋረጃ ዘዋፍርዎም ሓዊሰካ።

ከመይ'ሲ ምስጢር ኩሉ ዓወታትና፣ ነዚ ተጠርዩ ዘሎ ባህልን ኣካይዳን፣ ንድሕሪት ምልስ ኢሎም ክርእዩ ዘኽእል ፍልጠት ኮነ ድሌት ዘይብሎም። ማህደር ሕሉፍ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኤርትራዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ወጻኢ፣ ካብ ዝሰነዶም ብዙሓት ሓቅታት፣ ውሑዳት ጥራይ ተወኪስካ፣ ነዚ ሕጂ እነሰላስሎ ዘለና ክልተ ብልሒ ዘለዎ መላጸ መኸተ፣ ሓደ ንተጻብኦ፣ እቲ ኻልእ ብልሒ መኸተ ንልምዓትን ምንባሩ፣ ሓድሽ ተርእዮ ከም'ዘይ ኮነ፣ ካብ ግዜ ገድሊ እተጠርየ ሓያል ዘይንቕነቕ ሓውልቲ፣ ዓሙቕ ሰረት ዘለዎ ውጽኢት ውህድ ኣካይዳና ምዃኑ ምበርሃሎም። ኮይኑ ግን ብጋህሚ ዕሮት ክሳቐዩ፣ ሕማቕ ሕልሚ-ክሓልሙ፣ ንሕና ድማ ኣብ መንገዲ ብርሃን ክንቕጽል፣ ዝሓለፍናዮ መገድታት እዩ ዘዘኻኽረና ዘሎ።

እዚ ባህሊ'ዚ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣኼባ ብግቡእ ኣንጸባሪቑዶ? ብሓደ ቓል፣ እወ! ኣንጸባሪቑን ፈረቓን፣ እንታይ ከም ሕቶ ዘልዕል ኩነታት ተፈጢሩ? ከም ዝኸውን ኣቲ መልሲ ኩላትና እውን ርጉጽ'ዩ። እቲ ኩነታት ግን ልዕሊ እቲ ምቅርራብ ዝተገብረሉ ምንባሩ፣ ሓያል ሃገራዊ ወኒ ዝዓሰሎ፣  ኣብ'ቶም ዝተላዕሉ ነጥብታትን ጉዳያትን ዝነብረ ርጡብ ተዋሳእነት፣ እተነቡ ልዑል ተሳትፎ፣ ባህታ ዝፈጥር፣ ንመጻኢ መኸተና ጽዓት ዘፈልፍል፣ ርእይቶታትን ሓሳባትን፣ ንናህሪን ድርኺትን ተበግሶና ዘወንጭፍ፣ ዘድመቐ ምትእኽኻብ ምንባሩ ኣገናዕ ኤርትራዊ እዩ ዘብል።

ከም ውጺት ድማ፣ ንኣድማዕነቱ ዝምስክር፣ ነቲ ፍጻመ ዝምልከት ግቡእ ገምጋም ብምግባር፣ ንኣተሓሕዛ መንግስትና ደገፉ ብምሃብ ክታሙ ኣንቢርሉ። ንመደባት ልምዓት፣ ኣብ መዓልብኡ ክሳብ ዝበጽሕ ዘሎ ድልውነትን ዳግም ኣረጋጊጹ። ከምኡ እውን ነቶም ወግሐ ጸብሐ፣ ኣንጽር ሓድነትናን ሰላምናን ክዝርጉ፣ ብመልክዕ ሃይማኖት፣ ጉዳይ ስደት መንእሰያትና ተሓለቕቲ ብምምሳል፣ ጠቕነታትን ጸለመታትን ዝነዝሑ ዘለዉ ኣካላት ኣትሪሩ ኮኒኑ። ጉዳዩ ክጸረ፣ መንግስትና ንዋና ጸሓፊ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣቕሪብዎ ዘሎ መዘክር፣ ድልውነቱ ክራኢ ኣዘኻኺሩ። ነዚ ኣብ ኤምባሲታትና እተኻየደ፣ ግብረ-ሽበራዊ ስርሓት ኣኣንገድቲ መንግስታት፣ ሓላፍነተን ከልዕላ ዝግባእ ስጉምቲ ክወስዳ ኣተሓሳሲቡ። እቲ ዓማጺ ዘይ ፍትሓዊ እገዳ ክልዓል፣ ወያነ ካብ መሬት እንዳማቱ ክለቅቕ ጸዊዑ። ንምምሕዳር ኦባማ ዝቐርበሉ ተደጋጋሚ ሕቶ ሃናጺ ጽምዶ፣ ድሉው ክኸውን ኣዘኻኺሩ። እዚ እተጠቕሰ ውሳነታት፣ ብውሑዱ መርኣያን መዐቅኒ ዕዙዝነት ናይ'ቲ ኣኼባን፣ መንፈስ ተሳታፍነትና ካብ'ቲ ዝጸንሖ  ንላዕሊ በሪኹ ምህላዉ ዘረጋግጽን ዘገንዝቡን ሓቅታት እዮም።



ኣብ'ቲ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ኣቲኻ ክግምገም እንከሎ፣ ድሕሪ እቲ ፍጻመ ናይ'ቲ ኣኼባ፣ ካብ ህዝቢ ዝቐረበ ምስጋናን ኣድናቖትን ከም ዘረጋገጾ፣ ምሉእ ዘይጉዱል ዕግበት፣ ልዕሊ ትጽቢቶም ምንባሩ፣ ኣብ ኣተኣላልያን ኣቀራርባን ዉሕሉሉን እርኑብን ኣተሓሕዛ ዝነበሮ ሃዋህው ከም ዝነበረ፣ ካብ'ዚ ንላዕሊ ዝበቅዕ፣ ንመምዘኒን መዐቀንን ዝኸውን መረጋገጺ ክርክብ ኣይከኣልን'ዩ።

ብልክዕ ድማ ከማኡ እዩ ኔሩ፣ ኣቕረብቲ፣ ዘዳለውዎ ሰሚናር፣ ብዘበናውነቱን ኣጠቓቕማ ብሓይሊ ተክኖሎጂ ኣተሰነየ፣ ዓሚቑን ሰፊሕን ብኣሃዛት እተረጋገጸ ንጹር ሓበሬታታት፣ ብዝግባእ ምቕራብ በጺሕናዮ ዘሎና ጥርዚ ምዕባለ፣ ኣብ ቦትኡ ምህላዉ እውን ክጥቀስ እግብኦ።







ንዝመጽእ ኣካይዳና እውን ከምኡ'ዩ ክኸውን፣ ምኽንያቱ ነዞም ዘጋጥሙና ዘለዉ ብድሆታት፣ በዚ ፍቱን ዝኾነ ኤርትራዊ ቅዲ ጥራይ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ስለ ዘረጋገጽና። ሓደን እንኮን ኣማራጺ ዘይብሉ ዕዉት ቛንቛ ደቀባት።

ቀደም ንቓልሲ ክንብገስ እንከሎና **“ቃልስና ነዊሕዩ ዓወትና ድማ ናይ ግድን'ዩ”** ዝብል መሪሕ ቴማ ተቐኒቱ ህዝቡ ወዲቡ ኣንቂሑ ኣዕጢቑ፣ ኣብ ውሽጣዊ ጸጋታቱ መሰረት ብምንጻፍ፣ ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ደግፍ፣ ሓርነት ዘግሃደ መሪሕ ውዱብ ህዝባዊ ግንባር፣ ሎሚ ከም መንግስቲ፣ ነቲ ፍቱን ስነ-ፍልጠታዊ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ባህሉ፣ ክውን ክገብር፣ ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ሓቅታት ህያው ምስክር'ዩ። ልቢ መንግስትን ህዝብን ድማ ኣብ ሓደ ስጉምን ኣካይዳን ረጊኡ'ሎ።

ዓውት ንሓፋሽ፤

ምስ ምሉእ ርሁው መጻኢ!!









